

Yob Wildlife Reserve
Nakfa
Carcabat
Erota
Olob
Kassala
Wadsharefy
Aligider
Teseney
Shambuko
Badme
Shagarab I Refugee Camp

ብሃይለ መንገሻ ዑቕበ

ኣብ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ናይ ታሪኽ ተማራማሪ ዝቐረበ ምላሽን ታሪኻዊ ደኮመንትን።

መይ 28፡ 2017

# ህዳሴ ኢትዮጵያ

## ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ኤርትራ፥ ሕጂ ካበይ ይገኑ?

## ክፋል - 2





2.1 ኮረኮነ ታህዳይ፡ ጂኦ መሳቕሎታት ኣብ ካርታ

## 2.2 ኮረኮነ ታህዳይ፡ ጂኦ መሳቕሎታት ብኣሃዝ

### Republic of Sudan

| Locality | District State | State | Latitude | Longitude |
|---|---|---|---|---|
| Rassai | Hamashkoreib | Kassala | 16.641924 | 36.585473 |
| Tahadie | Telkok | Kassala | 15.993500 | 36.570770 |
| Karakon | Telkok | Kassala | 15.946472 | 36.479750 |
| Shellalob | Telkok | Kassala | 15.581639 | 36.582944 |




**<u>2.2 ኮረኮነ ታህዳይ</u>**

**ምስ ወረዳ ሃመሽኮረብን**

**ወረዳ ጣልቆችን**




2.3 ኩረኮነ ታህዳይ ምስ ከተማታትን መዓስከራት ስደተኛታትን




ኮረኮን




ታህዳይ



ራሳይ




ተዋጋእትን ኣዘዝትን ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ጎኒ ጎኖም 12 ቦጦሎኒታት ህዝባዊ ወያነ፡ ንጀብሃ የጥቅዑ ከምዝነበሩ ከነጭራሹ ይፈልጡ ኣይነበሩን፡ ብጆካ ኢሳያስን ስብሓት ኤፍረምን 70 ኣባላት EPRPን።





<u>2.5 ራሳይ፡ ቀዳማይ ምግማዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ።</u> ኣብ 1980፡ ዓብደላ ዝመርሖ ግማዕ ጀብሃ፡ ብግርማይካ ዶብ ሱዳን-ኤርትራ ቆሪጾም፡ ንሰሜን ድሕሪ ምምራሽ፡ ኣብ ራሳይ ዝተባህለ በረኻ ናይ ሃመሽኮረብ፡ መዕቆቢያ ናይ ተጋደልቲ መስረቱ።  እዞም ግማዕ፡ ብወግዒ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰምዩ።  ብዘልማድ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (እንዳ ዓብደላ) ዝብል ዘይወግዓዊ ስም ተዋህቡ።



**2.6 ዓብደላ እድሪስ መሓመድ፡ ናይ ጀብሃ ጠቕላሊ መራሒ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ነበር።** ዓብደላ፡ ኣብ 1980፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (እንዳ ዓብደላ) ዝመስረተ፡ ነቲ ካብ ራዳር መንግስቲ ሱዳን ልጉስ ዝኾነ ራሳይ ዝተባህለ መዕቆቢያ ናይ ተጋደልቲ፡ ኣብ ሃመሸኮረብ ዝመስረተ ሓላፊ'ዩ። ዓብደላ፡ ኣብ ጸጥታ በሊሕ ብምንባሩ፡ ሰራዊቱ ወዲያውኑ ኣብ ሱዳን ብረት ኣየውረዱን።





<u>2.7 ኮሮኮንን ታህዳይን ናይ መወዳእታ መዕቆቢያታት ናይ ጀብሃ</u>። ኣብ ማርች፡ 1981፡ ጀብሃ፡ ተዲፊኦም ሱዳን ኣተዉ። ጀብሃ፡ ፈለማ ኣብ ሸላሎብ ዝበሃል መሬት ሱዳን ተዓቑቡ። ሸላሎብ፡ ምስ ግርማይካ ዝማዓዶ መሬት ሱዳን'ዩ። መዕቆቢያ ሸላሎብ፡ ጥቓ ዶብ ብምንባሩ፡ ንጀብሃ፡ ካብ ግርማይካ ዝተተኮሱ ቦምባታት ናይ ሃውናት ናይ ህዝባዊ ግንባር ክወርዶም ጀመረ። ካብ ሃውናት ንምርሓቕ፡ ናይ ጀብሃ ቤት ጽሕፈታትን ክፍልታትን ናብ ኮሮኮን ገዓዙ። ሰራዊታት ጀብሃ ከኣ ናብ ታህዳይ ገዓዙ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ፡ ሰበ ስልጣናት ሱዳን ናብ ኮሮኮንን ታህዳይን መጺኦም፡ ንጀብሃ ዕጥቅታቶም ከውርዱ ሓተትዎም።





## 2.8 ሓድጊ ኮረኮን ታህዳይ፡ ምግምማዕ ቲያርን ሳግምን

ብሰንኪ ድርብ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን፡ ጀብሃ ናብ ሰለስተ ተግምዑ። 1ይ ግማዕ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (እንዳ ዓብደላ)፡ እዚኦም ካብ ጀብሃ ተፈንጪሎም፡ ኣብ ራሳይ ዝዓስከሩ ሽነኽ ነበሩ። ቀጺሉ፡ እቶም ናይ ኮሮኮንን ታህዳይን ጀብሃ፡ ኣብ ሕድሕዶም ብርቱዕ ዝኾነ ምፍሕፋሓት ኣብ ጉዳይ መሪሕነት ወረዶም። 2ይ ግማዕ፡ ሳግም፡ ነቲ ዝወረደ ፍሽለትን ኣበሳታቱን፡ ናብ መሪሕነት ጀብሃ ማለት ሰውራዊ ባይቶ ወይም ቲያር (ብቋንቋ ህዝባዊ ግንባር፡ ማእከላይ ሽማግለ) ብምስካም፡ ኣንጻር ደገፍቲ ናይ ሰውራዊ ባይቶ ሕሱም ቀርሓኑን ኣንጻሮም ተላዕሉን። ናይ ሳግም ኣማራጺ፡ ሰውራዊ ባይቶ ገሊፍካ፡ ሓድሽ መሪሕነት መሪጽካ ንሜዳ ኤርትራ ዳግም ምስጋም ነበረ። እዞም ሽነኽ፡ ሳግም ተባህሉ። 3ይ ግማዕ፡ ሰውራዊ ባይቶ (ቲያር)፡ ጀብሃ ከም ጀብሃ መጠን፡ ምስ ጽኑሕ መሪሕነታ ምቕጻል ዝሓሸ እዋናዊ ኣማራጺ'ዩ ዝብሉ ግማዕ፡ ሳልሳይ ሽነኽ ነበሩ።

## 2.9 ሜታሞርፎሲስ ጀብሃ



## 3.0 ሜታሞርፎሲስ ደሞክራሲያውያን




**ዲኤንኢታት ናይ ኮረኮነ ታህዳይ፡ ብስሑው ወይ ብጽዑቕ፡ ኣብ ኩሎም ውድባት ኤርትራ ናይ ሎሚ ክሳብ እቲ ዝዓበየ ህ.ግ.ደ.ፍ. ይርከብ፡ እንትርፎ ኣብ ናይ ሕሩይ ተድላ ባይሩ EDMን ኣብቶም ብዘይውርዙይ ኣጸዋውዓ "ፋሉል" ዝበሃሉ፡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተጸንበሩ ደሞክራሲያውያንን።**

ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ዝተጸፍየ ሓውሲ ስቱር ምንቅስቓ ሰልፊ ዕዮ ኮነ እቲ ካብ ሰልፊ ዕዮ ዝተጸፍየ ጸጋማዊ ዝኣንፈቱ "ማገ" (ማርክሳዊ ጉጅለ)፡ ደሞክራሲያዊ ወይ ህዝባዊ ሕቶ ብኣዕጋብነት ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ንምሕያል፡ ዝዓለሙ ምንቅስቓሳት ነበሩ።

EDM፡ ፋሉል፡ ደምሓኤ ወይ እቶም ካልኦት ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ናይ ጀብሃ ዘልዕልዎ ዝነበሩ ሕቶታት፡ ናይ ሓድነት ጉዳይ ኣብ ውድባት ኤርትራ ነበረ። እዞም ሓይልታት ደሞክራሲ፡ ኣብ ውድባት ኤርትራ ዘሎ ካልኣዊ ግርጭት ብዘተ ክፍታሕ ከምዘለዎ ይጠልቡ ነበሩ። ንሶም፡ ውግእ ሕድሕድ ደው ክብል፡ ይደፍኡ ነበሩ።

ናይ ደምሓኤ መስራቲ፡ ክቡር ገብረብርሃን ዘርኡ፡ ጌና ኣብ ጀብሃ ፍሉጥ ካድርን ሓላፊን እንከሎ፡ "ኣንጻር የሕዋትና ብረት ኣይንትኩስን ኢና" ኢሉ ብስርዓት ንሕድሕድ ውግእ ዝተቓወመ፡ ኣብ ጀብሃ ጽፍሒ ዝነበሮ ተጋዳላይ ነበረ። ጀብሃ፡ ካብ ጥንቲ ካብ 61፡ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኩሎም ጸገማትን መፍትሒታትን፡ ደሞክራሲያውያንን ጸረ-ደሞክራሲያውያንን ተወራሪሶም ዝነብርሉ ዳይናሚካዊ ውድብ ነበረ። ብዓይኒ ሞጎት፡ ምስ ግዜ ደመበኛ ደሞክራሲያዊ ትካል ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ምወጸ ኔሩ። ግና ደመበኛ ደሞክራሲያዊ ትካል፡ ኣብ 1981፡ ብድርብ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን፡ ካብ ኤርትራ ከምዝወጽእ ተገብረ።

ተፈጸመ፡ ክፋል - 2።

ስገሩ ናብ ክፋል - 3።

Contact Haile Menegesha Okbe
Toronto, Ontario, Canada

Phone: 416-858 9305
Email: haileokbe@yahoo.com